ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ፡
ኣብ ምንታይ ኵነታት ይርከብ ኣሎ።
21 መስከረም 2003

ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ፡ እቲ ብብቕዓቱ ኣብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ቀዳማይ ደረጃ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክኣ ካብቶም ብሉጻት ፓይሎታት ኢትዮጵያ፡ ማዕረ ምሩኽ ኰሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ዝስራዕ ኣብራሪ ውግእ ነፋሪት ከምዝነበረ፡ ማንም ንዕኡ ዝፈልጥ ኤርትራዊ ይኹን ኢትዮጵያዊ፡ ብሩህን ግሉጽን እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ክኣ ኣብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብብሪጌደር ጀነራል መዓርግ ሓላፍነት ተመዚዙ ንኡድ ስርሓት እናኣካየደ፡ ብፍላይ ክኣ ፍሉይ ፓይሎት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቅ ኮይኑ፡ ፕረሲደንት ሃገር ኤርትራ ንወጻኢ ሃገራት ዓለም ኣብ ዝገሸሉ  ብሉጽ ኣገልግሎት ከምዝነበረ ኵሎም ሰበስልጣናት መንግስቲ ኤርትራን ባዕሉ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈውርቂን ዝፈልጡዎ ሓቂ እዩ።

ኮይኑ ግን ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ብኣቃበ ሕጊ ዝተጻረየን፡ ብወኪል ሕጊ ጠበቓ ዝፈጦ ዝቐረበሉ ክሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብይንን ፍርድን ከይረኸበ፡ ብክሲ የማነ ገብረኣብን ብሓጎስ ክሻን ዝተእልመ ክሲ ተመርኵሱ ፕረሲደንት ኢሳይስ ብዝኣዘዞ ትእዛዝ፡ ብዕለት 18 የካቲት 2003 ብዘይተፈልጡ ብኣባላት ጸጥታ  “ሃገራዊ ድሕነት” ካብ ገዝኡ ተጨውዩ ንቤት ማእሰርቲ ከምዝተወሰደ፡  ኣብቲ እዋንቲ ካብ ኣስመራ ዝመጸና ዝተረጋገጸ መንጪ ሓበሬታ ሓቢሩ። ክሳብ ሕጂ ክኣ ጒዳይ መእሰሪኡ ብሕጋዊ ክትትል ተገሩሉን፡ ብሕጋዊ ጠበቓ ተሰንዩን ምሰኻኽር ቀሪቦምሉን፡ ጒዳዩ ብቤት ፍርዲ ተራእዩ መርትዖ ዘለዎ ብይን ከይረኸበ ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይርከብ ከምዘሎ፡ ብዙሓት ንዓኡ ዝፈልጡን፡ ሓለፍትን፡ መሳርሕቱን፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝሰርሑ ፓይሎታትን ኣጸቢቖም ዝፈልጡዎ ቅሉዕን ምስጢራዊ ዘይኮነን ሓቂ ምዃኑ፡ ካብ ኣስመራ ዝመጸና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ካብ ዝተረጋገጸ መንጪ ሓበሬታ ከምዝረኸብናዮ፡ ዋላኳ ቅድሚ ምእሳሩ ይኹን እንበር፡ መኸንያት መእሰሪኡ ብኸምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ፡ ይብል እቲ ዜና።
ካብ ፕረሲደንት ኢሳይስ ኣፈወርቂ ዝተዋህበ ትእዛዝ መሰረት፡ መንግስቲ ኤርትራ ነፈርቲ ክገዝእ ኣብ ዝመደበሉ ግዜ፡ የማነ ገብረኣብን (ማንኪ) ሓጎስ ክሻን ተመዚዞም ከምዝነበሩ ይሕብር። ነፈርቲ ክግዝኣ ከምዘለወንን ብሓላፍነቶም ዋጋ ዕዳጋ ገሮም ነፈርቲ ሸሚቶም ከምጽኡ ከምዘለዎምን ተኣዘዙ። ነቲ ዝተመዘዝዎ ሓላፍነት ግን ብዘይ ሓገዝ ክኢላ ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ክኸውን ከምዘይክእል ጸኒሖ ተረደኦም። የማነ ገብረኣብን (ማንኪ) ሓጎስ ክሻን፡ ነተን ክግዝኣ ዝነበረን ነፈርቲ ተክኒካዊ ርግጸኛነተን ብሪገደር ጀነራል ሃብተጸን ሓድጉ ጥራሕ ከረጋግጸሎም ከምዝኽእል ምስፈለጡ፡ ገና ኣብ ምድስካል እንከሎ፡ ኣብዚ ጒዳይ ምግዛእ ነፈርቲ ንኽተሓጋገዞም ተወኪሰዎ እዩ ዝብሃል።

ካባኡ ንሸመታ ነፈርቲ ገሹሞ ኣብቲ ነፈርቲ ዝሸየጣሉ ቦታ ክኣ በጽሑ። ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣትዮም ክኣ ነተን ዝርኣዩወን ነፈርቲ ክዕድጉወን ደለዩ። ካባኡ ንብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ንኽሰማምዖም ተወከስዎ። ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ግን ከምዚ በሎም፡- “በዚ ትብሉዎ ዘሎኹም ዋጋ ነዚኣን ነፈርቲ እዚኣን ንኽትገዝኡወን ኣየዋጽእን እዩ፡ ኣነ  እዘን ነፈርቲ እዚኣን ጥዑያት ኮይነን ስለዘይረኸብኩወን እቲ ዋጋ ክኣ ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ ኣነ ኣይሰማምዓሉን እየ” በሎም። ምኽሩ ሰሚዖም ከብቅዑ ክኣ ባኢደ ወናኒኦም ውረድ ደይብ ብምባል ነተን ነፈርቲ ንኽገዝኡውን ተሰማምዑሞ ዓደጉወን ክኣ። ካብኡ ጸኒሖም “ንኽንገዝኣን ወሲና ኢና፡ ግን ፈርማ ናትካ ከድልየና እዩሞ ፈርመልና” ኢሎም ተወከስዎ። ብሪገደር ጀነራል  ሃብተጺኦን ሓድጉ ግን፡ ኣነ ነዚ “ኢደይ ኣየንብረሉን እየ” በሎም። ካብዚ የማነ ገብረኣብን ሓጎስ ክሻን ንቤት-ጽሕፈት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከይዶም፡ ብሪገደር ጀነራል ሃብተጺኦን ሓድጉ ነተን ነፈርቲ ክንገዝኣን እንተኹና

ፈርማ ናቱ የድልየና እዩ፣ ንሱ ግን ኣይፍርመልኩምን ኢሉና ቢሎም” ጥርዓኖም ኣቕረቡሉ። ፕረሲደንት ኢሳይስ ክኣ ንብሪገደር ጀነራል ሃብተጺኦን ሓድጉ ንቤት ጽሕፈቱ ጸዊዑ “ስለምንታይ ዘይፈረምካ”? ክትፍርም ኣሎካ! በሎ። ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ግን፣ ኣብዚ ጒዳይዚ ክፍርም ከምዘይደሊ ሓበሮ። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ብሪገደር ኣብዚ ተዓዛባይ ከስተውዕሎ ዘለዎ፣ ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ ኣብዚ ንኽፍርም ትእዛዝ ዝእዘዞ ዘሎ እዋን፣ ኣብ ምድስካልን ኣብ ቊጽር ሓለዋን እንከሎ እዩ። እሞ እቲ ጒዳይ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ እንተድኣ ኰይኑስ ክሳብ ክንድዚ ንሓደ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ብዝልዓለ ስልጣን ሓይሊ ኣየር በረራ፣ ሞይኡ ዝተፈልጠን፣ ዝተመስከረሉን፣ ንሃገራዊ ድሕነትን ረብሓን ንኸገልግል ብወግዒ መዝነት ሂብካ፣ ብሓላፍነት ንኸገልግል ዝመዘዝካዮ ክኢላ፣ ብስውር ሜላዊ ብፕሮፓጋንዳን ብዘይኰነ ሕንዛዊ ወረታት እናነዛሕካ ስሙ ንኸተጥፍእን ዝሰርሖ ሃገራዊ ቅያታትን ሞይኡን ባዶ ከምዝተርፍ ንኽትገብር ፍታን፣ ካባኡ ሓሊፍካ ክኣ ብዘይተፈልጡ ብኣባላት ጸጥታ “ሃገራዊ ድሕነት” ዝብሃሉ ባንድ ኣዚዝካ ብዘይ ፍትሒ ንቤት ማእሰርቲ ምውሳድ፣ ብዓለምለኻዊ ሕጊ ናይ ገበን ገበን እዩ።

እዚ ጥራሕ ከይኣክልውን ብዕለት 05.03.2003 ስዓት 4:20 ወጋሕታ ብሪገደር ሃብተጽዮን ሓድጉ ብትእዛዝ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ በቶም ፍሉጣት ኣባላት ጸጥታ “ሃገራዊ ድሕነት” ዝኾኑ፣ ኮለኔል ኣማኗኤል ጳውሎስን ኮለኔል ጋይም ተስፋሚካኤልን ሓላፊ ሓለዋ ፕረሲደንት ኮለኔል ተስፋልደትን ተገዲዱ፣ ካብቲ ትኣሲሩሉ ዝነበረ ኣብ ነፋሲት ዝርከብ ግዝያዊ ነቑጣ ቤት ማእሰርቲ ናብ ኣካባቢ ከረን ዝርከብ ማእሰርቲ ከምዝተወሰደ እዩ ካብ ኣስመራ ከምዝመጸና ዜና ዝፍለጥ። ድሕሪ እስታት ክልተ ወርሕን 18 መዓልታት ጽኑዕ ማእሰርቲ ክኣ ብ5.5.2003 ካብኡ ተፈቲሑ፣ ኣብ ቤተሰቡ ከምዝተመልሰ ካብ ውሽጢ ኣስመራ ዝተረኽበ ሓቀኛ መንጩ ዜና ሓቢሩ።

ካብኡ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ቊሩብ መዓልታት ድሕሪ ምጽናሕ፣ እንደገና ካብ ቤተሰቡ ብኣባላት ጸጥታ “ሃገራዊ ድሕነት” ተወሲዱ፣ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ (ቀደም ሰላሳ ኣምስተኛ ዝብሃል ዝነበረ መዓስከር ጦርሰራዊ ገጅረት ስሳንታ ኦቶ) ክሳብ ሕጂ ተእሲሩ ከምዘሎ፣ ካብ ውሽጢ ኣስመራ ዝተረኽበ መንጩ ሓቤረታ ኣፍሊጡ።

ስለዚ እዚ ሕጂ ኣብሓውና ብሪገደር ሃብተጽዮን ሓድጉ ብትእዛዝ ፕረሲደንት ወሪዱ ዘሎ ዘይሕጋዊ ውሳኔ፣ ኣብ መንግስቲ ኤርትራ ሓዲሽ ከምዘይኮነ ንኹላትና ደቂ ሃገር ብሩህ ከም ጽሓይ ቀትሪ እዩ። ኣብ ኤርትራ ኣብዚ እዋንዚ ብሕልፊ ብሕልፊ ካብ 1993 ጀሚሩ ብዙሓት ዝልዓሉ ሰበስልጣንን ተባዓት ሓርበኛታት ደቂ ሃገር፣ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ በልዮም ከምዘለው ዘይክሓድ ሓቂ እዩ። ኣዝዩ ዝተጋህደ ክኣ ካብ 18, 2003 11 ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፣ ጋዜጠኛታትን፣ ዓበይቲ መራሕቲ ሃይማኖታትን: ክሳብ ሕጂ ፍርዲ ከይረኸቡ ምስተኣስሩ እዩ። እዞም ጒዳዮም ብፍትሒ ከይተራእየ ክሳብ ሕጂ ዝሳቐዩ ዘለው ታሪኽ ዝሰርሑ ደቂ ሃገር፣ ንኹሉ ብጒዳይ ኤርትራ ዝግደስን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ካልኦት ብሰብኣዊ መሰል ወድሰብ ዝግደሳ ማሕበራትን ከምዝፈልጥኦን፣ እቲ ጒዳይውን ኣብ ዓለምለኻዊ ሕጊ ተመርኲሰን ብጠበቓታት መልክዕ ንቤት ፍርዲ ኣቕሪበንኦ ኣለዋ። ሓደ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ዝሓለፈ ዓመት ብጸቢብ ዕድል ካብ ኤርትራ ኣምሊጡ ንወጻኣኢ ሃገር ምስወጸ ከምዝበሎ፣ “ነዞም ኣብ ትሕቲ ጸልማት ብዘይ ፍርድን ፍትሕን ተኣሲሮም ዘለው ደቂ ሃገር፣ ክንርስዮም የብልናን፣ ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምህላዎም ክኣ፣ ኣብ ኤርትራ ሕግን ስርዓትን መሰል ፕረስን ከምዘየለ ህያው ምስክርን ጭብጥን ኰይኖምና ኣለው”፣ ይብል። (ትርጒም ብቋንቋ እንግሊዝኛ።)

**As one Eritrean journalist who managed to flee the country said it last year, 'we cannot have the luxury of forgetting them because they symbolise the absence of rule of law, freedom of speech and constitutionality in Eritrea'.**



ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ፡ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ሓይሊ ኣየር፡ ምስ ክኢላታት ጸዓዱ እናተወዳደረ፡ ተመሲጡ ነቲ ዝውሃቦ ዝነበረ ትምህርቲ ይከታተሎ ከምዝነበረ ዘርኢ ስእሊ።



ብሪገደር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ፡ ኣብ ሓይሊ ኣየር፡ ብሓላፍነት ተመዚዙ ተባዕ ሃገራዊ ግቡኡ እናሰላሰለ ኣብ ኣየር ክበርር እንከሎ ዘርኢ ስእሊ።

ብሓልዮት ደቀባት ኤርትራ
መንጪ ሓበረታ ኣስመራ
መስከረም 2003